# ግንቦት ??? ግንቦት !!! ግንቦት ...

## ከመዓልኪ ወርሒ 5 ወርሒ ግንቦት !

ራሕሲ ጠሊ ተስፋ ዓኺይ ንሓረስቶት፡
ጸሓይ በሪቃ ብፍስሃ ተቀልቂላ ብመስኮት
ሕጻናት ብማይ ክጨናጓጉዑ ብዝሑል ልዙብ ምቆት
ማላውቲ ይዕንድሩ ዕያዊቲ ምራኹት ጥቦት
ፍትውቲ ወርሒ ተስፋ ኣዝመራ ሰናይ ክራማት።

## ሰላም ንዓኺ ወርሒ 5 ወርሒ ግንቦት !!

ባሕቲ መዓልትኺ ናይ ሪሂጸ በላዕ **ንግደት፡**
ፍረ ቃልሱ ዝጭራሓላ ብስጡም ሓድነት
ቀጻሊ ጥምጥሙ ዝእውጀላ ኣንጻር መዝማትነት
ኣርማኡ ገቲሩ ዝሕብረላ ኣህጉራዊ ምሕዝነት።

## ድርብ ክብርን ዝኽርን ኣዓኺ ወርሒ ግንቦት !!!

**ዕለት 24** ተወሲኻ **ነጻነት** ናይ ዕሸል ሃገርና ልደት፡
ሳላ ጀማሪ ሰራዊት ሓርነት ደምዳሚ ህዝባዊ ሰራዊት
ብድርብ ቃልሲ ህዝብና እኩብ ድምር ዓወት ፡
ድሕሪ 30 ዓመታት ሲዒሮሞ ንገዛኢ ባዕድነት
ልዕላውነት ለቢሳ ኤርትራና ወጺአ ነጻነት።

## ተሻቂለ ኣነስ ወርሒ 5 ወርሒ ግንቦት !!!!

ብደስታ ክንዝክረኪ ብዓቢ ፍስሃ ብኽብረት
ብፍናን ሓረስታይ ኣብዑሩ ዘይሃሲ ፈኲስ ስበት ፡
ኣህጉራዊ ምሕዝነት ንግርማ መሰል ሃገራውነት
ኩልና ደቅኺ ተደሲትና ብሓባር ክንዲ ንጻወት ፡
መንነ መንነ ኮይኑና ብድርብ ዝኽርኺ ክይንድሰት

ገቲኡና መላኺ ስርዓት ህግደፍ ቀይርዋ ባርነት ፡፡

# 27 ዓመቱ ኮይኑ ዲሂኹ የእትዩና ኣብ ደልሃመት !!!

**ንሃገርና ሽማ ኣባላሹ ጌሩዋ ንጽልቲ ቁሸት ፥**

**ምስ ኩሎም ጎረባብትና ኣመል ገርዎ ክናቆት**

**ህዝብና ብሕሰም ገጹ ተደዊኑ መሲሉ ሕመት**

**ብራዕዲ ብሂወቱ እናረኣየ ገርዎ ከም ዝዕመት**

**ትሕቲ ምድሪ መቑሕዎ ከይዛረ ከይሕተት**

**ሕድሪ ስዉኣት መብጽዓ ህዝቢ ተረጊጹ ይዝመት**

**ኣረሚን ስርዓት ደፊኣኡ ኣኽሊል ጥልመት።**

## ሰሚዕኪ ዶ ወርሒ 5 ወርሒ ግንቦት ?

እዚ ትምክሕተኛ ብዱዕ ተዓዛዚርዎ ንዕቀት

መፍትሒ ሓብሪ  ኣሎኪ ናይ ሰውራ ሙኩር መሰረት

ንዒ እባ ገለ ግበሪ  ኣንቲ ተቃላሲት ወርሒ ግንቦት

ኣበግስዮ ሰውራ ሽቃላይ ዝገንፈሎ  ጭቆና ምረት

ይኣኽለካ በልዮ ንዉልቀ ምልኪ ግበርሉ ነባሪ ደረት

ከድሕን መንእሰይ ካብ ሰሃራ ሲናይ ቀለብ ዓሳ ህልቀት።

ነባሪ  ክብርን ዝኽንር ንጀጋኑ ሰማእታትና !!!

ባሕቲ ግንቦትን 24  ግንቦትን ንወትሩ ክበራ !!!

ውድቀት ንዉልቀ መላኺ ስርዓት ህግደፍ።

ጸሃየ ቀለታ  ... 2006 >>>>>> >>>>>> 2018